# መምርሒታት 2021-23
# Waste-Free Communities Matching Grant (ተዛማዲ ሓገዝ ንማሕበረሰባት ነጻ ካብ ጎሓፍ)

## መመልከቲታት ክርከቡ ኣለዎም ክሳብ ሚያዝያ 16, 2021 ሰዓት 5:00 ድ.ቀ

Seattle Public Utilities (SPU) (ህዝባዊ ተጠቃምነት ማይ፡ መብራህቲ...ወዘተ ሲያትል) ኣብዚ ሕጂ እዋን ይቕበል ኣሎ መመልከቲ ተዛማዲ ሓገዝ ንፕሮጀክትታት ማሕበረሰብ ዘተኮሩ ኣብ ምውጋድ ጎሓፍ። ምውጋድ ጎሓፍ ማለት ዝወሓደ ጎሓፍ ምፍጣር ማለት ኢዩ መታን ዝወሓዱ ነገራት ዳግማይ ክምስርሑ፡ ድኹዒ ምድላው፡ ከምኡ'ውን ክኾኑ ምድሙድ ጎዱፍ። ጎሓፍ ኣብ እነወግደሉ ንኣከባቢና ንሕግዝ፡ ጥዕና ህዝቢ ንከላኸል፡ ማሕበረሰብ ንሃንጽ ከምኡ'ውን ገንዘብ ንቑጥብ።

ዕላማታት ፕሮግራም ሓገዝ፥

- ምድጋፍ መሪሕነት ማሕበረሰብ ከምኡ'ውን ምህዞ ዝምልከት ንምውጋድ ጎሓፍ
- ምውሳኽ በሪ ናብ ዕድላት ምውጋድ ጎሓፍ
- ጸጋታት ብምዕቃብ ንኣከባቢ ምክልኻል ከምኡ'ውን ምጉዳል ጋዛት ሓምላይገዛ ከምኡ'ውን ብከላ
- ምጉዳል መጠን ዝጉሓፉ ነገራት ኣብ ሲያትል

ምወላ፥

- ኣብዚ ናይ ሓገዝ ዑደት፡ ጠቕላላ ናይ $200,000 ምወላ ኣሎ።
- ጠለባት ሓገዝ ካብ $3,000 ክሳብ $40,000 ክኾኑ ይኽእሉ። SPU ዝወሓደ ወይ ዝበዝሐ መጠን ናይ ምሃብ መሰሉ ሕሉው ኢዩ።
- ሓገዝ ገንዘብ ብመልክዕ ካሕሳ ኢዩ ዝኸፈል።
- ፕሮጀክትታት ካብ ነሓሰ 2021 ክጅምሩ ኣለዎም። ሓገዛት ገንዘብ ግድን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ኣለዎም ከምኡ'ውን ካብ ሰነ 30, 2023 ኣብ ዘይሓልፍ ፋክቱር ክግበረሎም ኣለዎ።
- ናይ 25% ጠለብ ተዛማድነት ኣሎ። ንኣብነት፡ $40,000 ሓገዝ ገንዘብ + $10,000 ተዛማዲ = $50,000 ጠቕላላ ባጀት ፕሮጀክት።

## ብዛዕባ ምውጋድ ጎሓፍ

ዳግም ምምስራሕ ከምኡ'ውን ድኹዒ ምድላው ኣዝዩም ጽቡቓት ኢዮም። ግን ካብ መጀመርትኡ ጎሓፍ ዘይምፍጣር ከአ ካብኦም ዝበልጽ ኢዩ!

ኩሎም እንገዝኦም ወይ እንጥቀመሎም ነገራት ይጅምሩ ጸጋታት ብምጥቃም ንምስራሕ ሓደ ፍርያት ከምኡ'ውን ናቱ መዐሸጊ፡ ንዑኡ ምግዕዓዝ፡ ንዑኡ ምጥቃም ከምኡ'ውን ብድሕሪኡ ዳግማይ ይምስራሕ፡ ይውዕል ኣብ ድኹዒ ምድላው ወይ ድማ ምድሙድ ጎዱፍ ይኾውን። ኩሉ እዚ ድማ ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ ኣብቲ እነስተንፍሶ ኣየር፡ ንስትዮ ማይ ከምኡ'ውን ኣብቲ መግብና እነብቁለሉ ሓመድ።

ጎሓፍ ከነወግድ ንኽእል ኢና፥

- ዝወሓደ ብምግዛእን ብምጥቃምን
- ንዝነውሐ ግዜ ዝጸንሑ ፍርያት ብምስራሕን ብምግዛእን
- ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ ብምግዛእ
- ዝወሓደ መዐሸጊ ብምጥቃም
- ምምዕርራይ ከምኡ'ውን ዳግማይ ምጥቃም ብምምራጽ
- ነገራት ብምክፋል፡ ብምልጋስ ወይ ዳግማይ ብምሻጥ፡ መታን ካልኦት ዳግማይ ክጥቀምሎም
- ብምምስራሕን ብምጥቃምን መግቢ ከምኡ'ውን ጉሓፍ ሳዕርን ኣታኽልትን ኣብቲ ዘለውዎ ቦታ

ስጉምቲ ብምውሳድ ንምውጋድ ጎሓፍ፡ ንሕና፥

- ንቑጥብ ገንዘብ ዝወሓደ ብምግዛእን ብምጥቃምን
- ንሕግዝ ንማሕበረሰብና ኣቕሑ ብምልጋስ ከምኡ'ውን ብምክፋል
- ንጥዕና ሰብ ከምኡ'ውን እንስሳ ዘገዳምን ዝጎድእ ብከላ ኣየርን ማይን ነጉድል
- ንዕቅብ ባህርያውያን ጸጋታት፡ ከም ማይ፡ ጸዓት፡ መሬት ከምኡ'ውን ነዳዲ
- ነጉድል ፍንወት እቶም ለውጢ ክሊማ ዘስዕቡ ጋዛት ቀጠልያ ገዛ

## ጠለባት ፕሮግራም/ፕሮጀክት

እማመታት ንክቐርቡ ግድን ንኩሎም እዞም ዝስዕቡ ጠለባት ከማልኡ ኣለዎም፡

1. እቶም ንጥፈታት ግድን ጎሓፍ ዘወግዱ ክኾኑ ኣለዎም።

   እዞም ዝስዕቡ ንጥፈታት ብቑዓት ኣይኮኑን ንምወላ፥

   - ዳግም ምምስራሕ
   - ካብቲ ቦታ ወጻኢ ምዱኳዕ (ዝተመስረሐ ከምኡ'ውን ኣብ ካልእ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓለ)
   - ምጥቃም ዳግማይ ክምስራሕ ዝኽእል ነገር ወይ ኣብ ክድኩዑ ዝኽእሉ ፍርያት
   - ንጥፈታት ጽሬት ጎሓፍ ምሓፍ ዘየተኮሩ ኣብ ምውጋድ ጉሓፍ
   - ምክፋል ብሽክለታ ከምኡ'ውን ምክፋል መኪና

2. ንጥፈታት ግድን ክትግበሩ ኣለዎም ኣብ ውሽጢ ደረታት ከተማ ሲያትል ወይ ቀጥታዊ ዝኾነ ጽልዋ ክህልዎም ኣለዎ ናይ ሲያትል ጎሓፍ። ኣመልከቲ ካብ ሲያቲል ወጻኢ ዝተደኮኑ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም፡ ግን እቲ ፕሮጀክት ኣብ ሲያትል ዘተኮረ ክኾውን ኣለዎ።

   ርአ ካርታ ደረታት ከተማ ሲያትል፡ http://clerk.ci.seattle.wa.us/~public/nmaps/fullcity.htm

3. ንጥፈታት ግድን ኣብ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ምድባት ክኣቱ ኣለዎ፥

   **ምድብ 1፡ ሓድሽ/ዝሰፍሐ ንጥፈታት ምውጋድ ጎሓፍ**

   ኣብ ሓድሽ ወይ ዝሰፍሐ ንጥፈታት ምውጋድ ጎሓፍ ዘተኮሩ እማመታት ግድን ከሕውሱ ኣለዎም ሓደ ወይ ክልተ ካብዞም ዝስዕቡ ቦታታት ኣተኩሮ፥

| ምህዞ | ተሳታፍነት ማሕበረሰብ | ረብሓታት ማሕበረሰብ |
|---|---|---|
| ምፍታን ወይ ምዕባይ ሓደሽቲ ኣገባባት፡ ምምዕባል ሓደሽቲ ቴክኖሎጂታት ወይ ምምጻእ ሓደሽቲ ዕድላት ምውጋድ ጎሓፍ ናብ ሲያትል።<br><br>ኣብነታት ናይ ቅድም ፕሮጀክትታት:<br>• ሽርክነት ምግባር ምስ ኣብያተ-መግቢ ንምቕራብ ምርጫ ንዓማዊል ዳግማይ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ዝኽእሉ መግቢ ንደገ ሒዞምሎም ዝኸዱ መትሓዚታት<br>• ኣርኢ ጉዳይ ዋኒን ንምጥቃም ዳግማይ ኣብ ጥቕሚ ገዛ ምህናጽ ዝውዕል ዕንጨይቲ | ውጽኢታዊ ዝኾነ ተሳትፎ ማሕበረሰብ ሕብራውያን ሰባት፡ ስደተኛታት፡ ዑቕበኛታት፡ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም፡ ስንኩላን፡ ሽማግለታት፡ ንኣሽቱ እኹላት ሰባት፡ መንእሰያት፡ ቆልዑ ከምኡ'ውን/ወይ ነኣሽቱ ዋኒናት።<br><br>ኣብነታት ናይ ቅድም ፕሮጀክትታት:<br>• ምቑጻር ሽማግለታት ንክሳተፉ ኣብ ጉዳያት ጽገና ማሕበረሰብ<br>• ጎሓፍ ብምውጋድ ንነኣሽቱ ዋኒናት ገንዘብ ንሙቕጣብ ምሕጋዝ | ሓገዝ ንማሕበረሰባት ሲያትል፡ ከም ብነጻ ወይ ብትሑት ዋጋ ምቕራብ ጸጋታት ወይ ስልጠና ስራሕ ንቤት-ኣልቦ ከምኡ'ውን ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ኣባላት ማሕበረሰብ።<br><br>ኣብነታት ናይ ቅድም ፕሮጀክትታት:<br>• ስደተኛታትን ዑቕበኛታትን ኣንስቲ ሙቕጻር ንክፍርያን ከምኡ'ውን ክሸጣ ካብ ጎሓፍ ዓለባ ኣብ ገዛ ዝስርሑ ፍርያት<br>• ተኻረይቲ ካብ ገዝኦም ምስ ክለቑ ከለዉ ዝገደፍዎም ዘይባላሸዉ መግብታት ብምእካብ፡ ንናይቲ ከባቢ ባንክ መግቢ ምልጋስ |

   **ምድብ 2፡ ደገፍ ሕውየት ካብ ኮቪድ ንኣብ መስርሕ ዝርከቡ ናይ ጎሓፍ ምውጋድ ፕሮግራማት፡ ፕሮጀክትታት ከምኡ'ውን ዕማማት**

   ንናይ 2021-23 ናይ ሓገዝ ዑደት ጥራይ፡ SPU የስፍሖ ኣሎ ንፕሮግራም ሓገዝ ንክምውል ኣብ መስርሕ ዝርከቡ ናይ ጎሓፍ ምውጋድ ፕሮግራማት፡ ፕሮጀክታት ከምኡ'ውን ዕማማት ዝተጸልዉ ብኮቪድ። እዚ ደገፍ ዕላምኡ ንምሕጋዝ ቀጻልነት ምውጋድ ጎሓፍ ኮይኑ፡ ዘተኮረ ኢዩ ድማ ኣብ ዋኒናት ከምኡ'ውን ውድባት ዝተጸልዉ ብፋይናንሳዊ ብድሆ ብሰንኪ ኮቪድ።

## መን ከመልክት ኣለዎ

SPU የተባብዕ መመልከቲታት ካብ፥

- ዋኒናት
- መኽሰብ ዘይድልቡ ውድባት
- ጉጅለታት ማሕበረሰብ ወይ ኣከባቢ
- ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኮለጃት ከምኡ'ውን ዩኒቨርሲቲታት
- ትካላት (ከም ክንክን ጥዕና ወይ መዕቆቢ)
- እምነት ዝመሰረቶም ውድባት
- ፕሮግራማት መንእሰያት ወይ ቆልዑ

ኣመልከትቲ ልዕሊ ሓደ መመልከቲ ከረክቡ ይኽእሉ ኢዮም፡ ግን ንሓደ ጥራይ ኢዮም ሓገዝ ክረኽቡሉ ዝኽእሉ።

ኩሎም ኣመልከትቲ ናይ ክፍለሃገር ዋሽንግተን ከምኡ'ውን ከተማ ሲያትል ግድን ፍቓድ ዋኒን ክህልዎም ኣለዎ እንድሕር ሓገዝ ገንዘብ ክቕበሉ ኮይኖም ወይ ክሰርሑ ኣለዎም ብመገዲ እቶም ዝጥለቡ ፍቓድ ዋኒናት ዘለዎ ፊናንሳዊ ወኪል። ፊናንሳዊ ወኪል ንናይ ፕሮጀክትኻ ሓገዝ ገንዘብ ምቕባልን ምምሕዳርን ሓላፍነት ይወስድ።

**ሓበሬታ ፍቓድ ንግዲ ከተማ ሲያትል፡** [https://www.seattle.gov/licenses/get-a-business-license/cost-of-a-business-license](https://www.seattle.gov/licenses/get-a-business-license/cost-of-a-business-license). **ሓበሬታ ፍቓድ ንግዲ ክፍለሃገር ዋሽንግተን፡** [http://bls.dor.wa.gov/faqlicense.aspx](http://bls.dor.wa.gov/faqlicense.aspx)

## ዳግማይ ምምልካት

ኣመልከቲ ዳግማይ ክመልክቱ ይኽእሉ ንሓገዝ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዑደት ምወላ፥

- ዳግማይ ብምምልካት ንሓገዝ ገንዘብ ዘይረኸበ ፕሮጀክት። ነቲ ዝቕጽል ዑደት ምወላ ብኸመይ መመልከቲኹም ኣመሓይሽኩም ክትቀርቡ ከምዘለኩም ንምፍላጥ ክትረኽቡና ንምሕጸነኩም።
- ሓድሽ ናይ ፕሮጀክት ሓሳብ ሒዝካ ምምልካት።
- ንዝነበረ ፕሮጀክት ንምስፍሑ ኢልካ ምምልካት ወይ ነቲ ዝቕጽል ደረጃ ንምትግባሩ ኢልካ ምምልካት። እቲ መመልከቲ ግድን ወሰኽ ምውጋድ ጉሓፍ ክርኢ ኣለዎ።

## ምወላ ከምኡ'ውን ጠለባት ምዝማድ

**ምወላ፥**

- ኣብዚ ናይ ሓገዝ ዑድት፡ ጠቕላላ ናይ $200,000 ምወላ ኣሎ።
- ጠለባት ሓገዝ ካብ $3,000 ክሳብ $40,000 ክኾኑ ይኽእሉ። SPU ዝወሓደ ወይ ዝበዝሐ መጠን ናይ ምሃብ መስሉ ሕሉው ኢዩ።
- ሓገዝ ገንዘብ ብመልክዕ ካሕሳ ኢዩ ዝኸፈል፡ እዚ ድማ ብመሰረት ፍጻሜ ንጹራት ምዕራፋት ዝተጠቕሱ ኣብቲ ውዕል ሓገዝ።
- ሓገዛት ገንዘብ ግድን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ኣለዎም ከምኡ'ውን ካብ ሰነ 30, 2023 ኣብ ዘይሓልፍ ፋክቱር ክግበረሎም ኣለዎ።

**ጠለባት ምዝማድ፥**

- እቲ ዝምድና ግድን ብውሑዱ 25% ናይቲ ዝተሓተተ ሓገዝ ክኾውን ኣለዎ (ዋጋ 25 ሰናቲም ካብ ነፍሲ-ወከፍ ዶላር ዝተዋህበ በታ ከተማ)። ንኣብነት፡ $40,000 ዝተጠልበ ሓገዝ + $10,000 ተዛማዲ = $50,000 ጠቕላላ ወጻኢታት ፕሮጀክት።.
- ተዛመድቲ ኣበርክቶታት ብዓይነት ወይ ብጥረ ገንዘብ ክኾኑ ይኽእሉ።
- ጸጋታት ከተማ ሲያትል ከም ግዜ ሰራሕተኛታት ከተማ፡ ተጠቃምነት መሳለጥያታት ከተማ ከምኡ'ውን/ወይ ካልእ ምውላ ከተማ ክቖጸር ኣይክእልን ኢዩ ከም ተዛማዲ።

**ምድባት ወጻኢታት፥**

እዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ናይ ኣብ ጠለብ ሓገዝ ፕሮጀክትኻ ከተጠቓልሎም እትኽእል ወጻኢታት ከምኡ'ውን ተዛማዲ፡

- ግዜ ሰራሕተኛታት (ንመካየዲ ስራሕ ዝወጽእ ገንዘብ ከጠቓልል ይኽእል ኢዩ)
- ኣበላት ከምኡ'ውን ካልኦት መተባብዒታት ተሳታፍነት
- ግዜ ዘይክፈል ወለንተኛ (ይምጠን $33.02/ሰዓት ብመሰረት ናይ ክፍለሃገር ዋሽንግተን ናይ ነጻ ጽላት ዋጋ ግዜ ወለንተኛ)
- ቀረባት፡ ኣቕሑ ከምኡ'ውን መሳርሒ
- ኣገልግሎታት ከም ምስቱርጓም፡ ምሕታም ከምኡ'ውን ምንዳፍ
- ክራይ ቦታታት
- መግብን መስተን ንንጥፈታት ፕሮጀክት፡ ዘየጠቓልል ኣልኮላውያን መስተ
- ኣበል ጉዕዞ ከምኡ'ውን ናይ መዐሸጊ ተሽከርካሪት (ዋጋ ይዕቀን በቲ ፈደራላዊ መጠን ኣበል ጉዕዞ)
- ክፍሊታት ፊናንሳዊ ወኪል (ክሳብ 10% ናይቲ ጠለብ ሓገዝ)

## ምውዕዓል ከምኡ'ውን ክፍሊት

**ምውዕዓል፥**

- ተቐበልቲ ሓገዝ ባዕሎም ከካይድዎ ይኽእሉ ኢዮም ንናቶም ሓገዝ ገንዘብ ወይ ፊናንሳዊ ወኪል ክጥቀሙ ይኽእሉ ኢዮም። ፊናንሳዊ ወኪል ክጥቀሙ ዘይመርጹ ተቐበልቲ ሓገዝ ግድን ናቶም ናይ ቁጽሪ መለለዪ ግብሪ ክቐርቡ ኣለዎም ከምኡ'ውን ምስ ሕግታት Internal Revenue Service (ኣገልግሎት ውሽጣዊ ኣታዊ) ክሳነ ኣለዎ።
- ነፍሲ-ወከፍ ተቐባሊ ሓገዝ ወይ ናቶም ፊናንሳዊ ወኪል ግድን ስምምዕ ክፍርሙ ኣለዎም ምስ SPU ንክቕበሉ ሓገዝ ገንዘብ። እቲ ስምምዕ ከጠቓልል ኢዩ ተወሰኽቲ ውዕላት ከምኡ'ውን ኲነታትን ናይቲ ሓገዝ።
- እቲ ሓገዝ ምስታ ከተማ ዝግበር ስምምዕ ድሕሪ ምፍርራም ጥራይ ንዝግበሩ ንጥፈታት እቲ ፕሮጀክት ኢዩ ዝከሕስ።

**ፊናንሳውያን ወኪላት፥**

- ኣመልከትቲ ብመገዲ ሓላፍነት ናይቲ ፕሮጀክትኻ ሓገዝ ገንዘብ ዝቕበልን ዘመሓድርን ፊናንሳዊ ወኪል ክሰርሑ ክመርጹ ይኽእሉ ኢዮም።
- ኣመልከትቲ ሓላፍነቶም ኢዩ ንከለልዩ ናቶም ፊናንሳዊ ወኪል ከምኡ'ውን ከረጋግጹ እቲ ፊናንሳዊ ወኪል ህሉው ናይ ክፍለሃገር ዋሽንግተን ከምኡ'ውን ከተማ ሲያትል ፍቓድ ዋኒናት ከምዘለዎ።
- ፊናንሳውያን ወኪላት ክሳብ 10% ናይቲ ጠለብ ሓገዝ ክኽፍሉ ይኽእሉ ኢዮም። ኣመልከቲ ነዚ ክፍሊት ኣብቲ ጠለብ ሓገዝ ከጠቓልልዎ ይኽእሉ ኢዮም ወይ ከተገብርዎ ይኽእሉ ኣብ ተዛማዲ ኣበርክቶ።

**ጠለባት መድሕን፥**

ተቐበልቲ ሓገዝ ክዕቅቡ ኣለዎ ደረጃታት መድሕን ልክዕ ከምቶም ዋኒናት ብዕምቆቱን ባህርይኡን ነዚ ፕሮጀክት ሓገዝ ዝመሳሰል ስራሓት ዘሰላስሉ፡ ከምኡ'ውን ካብቲ ብሕጊ ክፍለሃገር ዋሽንግተን ዝጥለብ ክውሕድ ዘይብሉ። ብተወሳኺ፡ ናይ ሰራሕተኛታት መድሕን ካሕሳ'ውን ክዕቀብ ኣለዎ ይጥለብ እንተኾይኑ ብሕጊ ክፍለሃገር ዋሽንግተን።

**ክፍሊት፥**

ተቐበልቲ ሓገዝ ፋክቱር ክቐርቡ ኢዮም ብመሰረት ፍጻሜ ንጹራት ምዕራፋት ዝተጠቕሱ ኣብቲ ውዕል ሓገዝ። SPU ንቐካት ካሕሳ ብደብዳቤ ክሰዶም ኢዩ 30 መዓልታት ድሕሪ ምቕባል ነፍሲ-ወከፍ ቅብሊት። ክፍሊት ክደናጎይ ኢዩ እንድሕር ፋክቱራት ዘይተማልኡም ወይ እንተጉዲሎም ዝጥለቡ ጸብጻባት ከምኡ'ውን ሰነዳት።

**ጸብጻብ ምሃብ፥**

- ተቐበልቲ ሓገዝ ምስ ነፍሲ-ወከፍ ፋክቱር ናይ ገስጋስ ጸብጻብ ክቕርቡ ግዴታ ኣለዎም።
- ተቐበልቲ ሓገዝ ቅድሚ እቲ ናይ መወዳእታ ክፍሊት ሓገዝ ገንዘብ ምቕባሎም፡ ግድን ናይ መወዳእታ ጸብጻብ ዘርኢ ውጽኢታትን ፕሮጀክት ከምኡ'ውን ዝተማሃርዎም ነገራትን ክቕርቡ ኣለዎም።

## ምግምጋም መመልከቲ

**ገምጋሚት ኮሚተ፥**

እታ ገምጋሚት ኮሚተ ሓገዝ ብኣባላት ማሕበረሰብ ከምኡ'ውን ብዝተፈላለየ ድሕረባይታን ሞያን ዘለዎም ሰራሕተኛታት ከተማ ሲያትል ዝቖመት ኢያ። መሪሕነት SPU እቲ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ምወላ ኣብ ዝህበሉ ንናይ ገምጋሚት ኮሚተ ሓገዝ ምሕጽንታታት ኣብ ግምት ከእቱ ኢዩ።

**መለከዒታት ገምጋም፥**

እታ ገምጋሚት ኮሚተ ሓገዝ፡ ብመሰረት ኣብ ታሕቲ ዝርከቡ መለከዒታት ቀዳምነት ክትህብ ኢያ ንፕሮጀክትታት። SPU ድማ ቡዙሕነት ጂዮግራፊካዊ ቦታታት፡ ዝጽለዉ ማሕበረሰብ ከምኡ'ውን ዓይነታት ፕሮጀክት ኣብ ግምት ከእቱ ኢዩ። SPU ቅድሚ እቲ ናይ ምምዋል ውሳኔ ምሃቡ ተወሰኽቲ ሕቶታት ክቐርብ ይኽእል ኢዩ ንቶም ኣመልከትቲ።

1. ***ውጽኢታት ምውጋድ ጎሓፍ፥*** ተኽእሎ ምውጋድ ጎሓፍ ሓደ ፕሮግራም/ፕሮጀክት።
    - እቲ ንጥፈት ንSPU ኣዝዮም ኣገደስቲ ንዝኾኑ ናውቲ ምጕሓፍ ከወግድ ኢዩ (ንኣብነት፥ መግቢ፡ ዓለባ፡ ሓደ ግዜ ጥራይ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ፕላስቲካት ከምኡ'ውን ካልኦት ሓደ ግዜ ጥራይ ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ናውቲ ኣገልግሎት መግቢ፡ ናውቲ ህንጻ፡ ጨርቂ-ሽንቲ)
    - እቲ ንጥፈት ከወገዶ ዝኽእል መጠን ጎሓፍ ከምኡ'ውን ኣገደስቲ ጽልዋታት ኣብ ኣከባቢ
    - ብውጽኢታዊ መገዲ እቲ ንጥፈት ከበጽሖም ዝኽእል ቁጽሪ ሰባት
    - እቲ ንጥፈት ውጽኢታት ምውጋድ ጎሓፍ ከዕቅን ክኽእል ኢዩ
    - እቲ ሓገዝ ድሕሪ ምትግባሩ፡ ጽልዋታት ምውጋድ ጎሓፍ ክቕጽሉ ኢዮም

2. **ዓቕሚ፥** ተኽእሎ ዓወት ሓደ ፕሮግራም/ፕሮጀክት ብመሰረት ዓቕሚ።
    - እቲ ፕሮግራም/ፕሮጀክት እኹላት ሰራሕተኛታት፡ ወለንተኛታት ከምኡ'ውን ፋይናንሳዊ ጸጋታት ኣለዎ ዕዉት ንክኸውን
    - ሰራሕተኛታት፡ ወለንተኛታት ከምኡ'ውን መሻርኽቲ ኣድላዩ ፍልጠት፡ ክእለት፡ ተመኩሮ ከምኡ'ውን ዝምድናታት ኣለዎም
    - ኣድለይቲ ምስ ዝኾኑ፡ ዝሸርከነታት ድሮ ውሑሳት ኢዮም

3. **ባጀት፥** ተኽእሎ ዓወት ሓደ ፕሮግራም/ፕሮጀክት ብመሰረት እቲ ዝተኣመመ ባጀት።
    - ባጀት ይሳነ ኢዩ ምስቲ እማመ
    - ግምት ባጀት ቅኑዕ ኢዩ
    - ኩሎም ወጻኢታት
    - ዝተጠልበ መጠን ምኽንያታዊ ኢዩ ነቶም ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢታት

4. **ምድብ 1 ጥራይ፥ ሓድሽ ወይ ዝሰፍሑ ንጥፈታት ምውጋድ ጎሓፍ –** *ፕሮጀክትታት ከጠቓልሉ ኣለዎም <u>ሓደ ወይ ልዕሊኡ</u> ቦታታት ኣተኩሮ ምወላ ንክቕበሉ*

    **ምህዞ፡** ናይ ሓደ ፕሮጀክት ኣጠቓቕማ ሓደሽቲ ኣገባባት ወይ ቴክኖሎጂታት።
    - እቲ ፕሮጀክት ኣስተሓዳሲ ኢዩ ንከባቢ ሲያትል
    - እቲ ፕሮጀክት ብካልኦት ማሕበረሰብ ሲያትል ክቕዳሕ ይኽእል ኣለዎ
    - እቲ ፕሮጀክት ካብቲ ዘለዎ ንላዕሊ ዓብዩ ዝያዳ ጽልዋ ኣብ ሲያትል ክህልዎ ይኽእል ኢዩ
    - እቲ ፕሮጀክት ኣገባባትን ውጽኢታትን ከካፍል ኢዩ ነቲ ማሕበረሰብ

    **ተሳትፎ ማሕበረሰብ፡** ተኽእሎ ሓደ ፕሮጀክት ንማሕበረሰባት ኣብ ምውጋድ ጎሓፍ ከሳትፍ
    - እቲ ፕሮጀክት ብSPU ልዑል ቀዳምነት ዝወሃቦም ማሕበረሰባት ከሳትፍ ኢዩ (ማሕበረሰብ ሕብራውያን ሰባት፡ ስደተኛታት፡ ዑቕበኛታት፡ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም፡ ስንኩላን፡ ሽማግለታት፡ ንኣሽቱ እኹላት ሰባት፡ መንእሰያት፡ ቆልዑ ከምኡ'ውን/ወይ ነኣሽቱ ዋኒናት)
    - እቲ ፕሮጀክት ውጽኢታውያን ስትራተጂታት ተሳትፎ ይጥቀም ንተዓዛቢ(ተዓዘብቲ)
    - እቲ ፕሮጀክት ነቶም ዝጸልዎም ማሕበረሰብ ኣብ ምንዳፍን ምትግባርን እቲ ፕሮጀክት የሳትፍ

    **ረብሓታት ማሕበረሰብ፡** ናይ ሓደ ፕሮጀክት ተኽእሎ ቀረብ ረብሓታት ንማሕበረሰብ።
    - እቲ ፕሮጅክት ንዝበዝሑ ሓገዝ ዘድልዮም ሰባት ከርብሖም ኢዩ (ከም ቤት-ኣልቦ ወይ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ማሕበረሰባት)
    - ዝተለለዩ ረብሓታት ጠቕምቲ ክኾኑ ኢዮም ነቶም ዝጽለዉ ማሕበረሰባት (ከም ብነጻ ወይ ብትሑት ምቕራብ ጸጋታት ዋጋ ወይ ስልጠና ስራሕ)

5. **ምድብ 2 ጥራይ፥ ደገፍ ሕውየት ካብ ኮቪድ ንኣብ መስርሕ ዝርከቡ ናይ ጎሓፍ ምውጋድ ፕሮግራማት፡ ፕሮጀክትታት ከምኡ'ውን ዕማማት**
    - ኣብ ግዜ ኮቪድ ኣድላይነት ኣብ መስርሕ ዝርከብ ምውጋድ ጎሓፍ ወሲኹ፡ ከም መግቢ ድሕነት <u>ወይ</u> ኣብ መስርሕ ዝርከቡ ናይ ጎሓፍ ምውጋድ ንጥፈታት ኣብ ሓድጋ ደውታ፡ ምጕዳል ወይ ምስራዝ ይርከቡ ብሰንኪ ብኮቪድ ዝሰዓበ ፋይናንሳዊ ሽግር።
    - እቲ ኣመልካቲ ንጥፈታት ምውጋድ ጎሓፍ ንክቕጽል ሓገዝ ገንዘብ ዓቢ ጽልዋ ክህልዎ ኢዩ
    - እቲ ማሕበረሰብ ክረብሕ ኢዩ ካብቲ ቀጻልነት ናይ ኣብ መስርሕ ዝርከቡ ናይ ጎሓፍ ምውጋድ ንጥፈታት

## መስርሕ ምምልካት

**መደብ፡**

| | |
|---|---|
| **መመልከቲ ዝርከበሉ** | ሚያዝያ 16, 2021 |
| **ሓበሬታ/ምልከታ ውሳኔ** | ክሳብ ፍርቂ ሰነ |
| **ስምምዓት ምስቶም ብከተማ ዝተፈረመሎም (ፕሮጀክትታት ክጅምሩ ይኽእሉ)** | ነሓሰ 2021 |
| **ዝተወደአ ከምኡ'ውን ፋክቱር ዝተገበረሉ ስራሕ** | ክሳብ ሰነ 30, 2023 |

**መድረኻት ምምልካት፡**

**መድረኽ 1፡** ቅድሚ መመልከቲታትካ ምምልእካ፡ ነቶም መምርሒታት ኣንብቦም ከምኡ'ውን ነቲ ቪድዮ መምርሒ ሓገዝ ርኣዮ።

**መድረኽ 2፡** ርኽቡና ፕሮጀክትኹም ብቑዕ ከምዝኾነን ከተረጋግጹ ከምኡ'ውን ንክትረኽቡ ምኽርታት ፕሮጀክት።

**መድረኽ 3፡** ነቲ ዝሕተም ወይ ቪድዮ መመልከቲ ምልኣዮ (ክልቲኦም ኣይትምልኣዮ)

- ዝሕተም መመልከቲ ግድን ካብ 7 ገጻት ክሓልፍ የብሉን።
- መመልከቲ ቪድዮ ግድን ካብ 15 ደቓይቕ ክሓልፍ የብሉን።
- መመልከቲታት በቲ ንስኻ ዝያዳ እትመርጾ ቋንቋ ክቐርቡ ይኽእሉ ኢዮም። SPU (ህዝባዊ ተጠቃምነት ማይ፡ መብራህቲ...ወዘተ ሲያትል) ትርጎማን/ምስቱርጓምን ክቕርብ ኢዩ።

**መድረኽ 4፡** ነቲ ቅጥዒ ባጀት ምልኣዮ።

**መድረኽ 5፡** ናይ ሓገዝ ገንዘብ መመልከቲ ከምኡ'ውን ደገፍቲ ሰነዳት ክርከቡ ኣለዎም ክሳብ ሚያዝያ 16, 2021 ሰዓት 5:00 ድ.ቀ። ደውል ናብ (206) 233-2534 እንድሕር ከምዝበጽሐ ዘረጋግጽ ኢመይል ኣብ ውሽጢ 2 ናይ ስራሕ መዓልታት እንተዘይመጽዩ።

## ርኸቡና

መርከቢ wastefreegrants@seattle.gov ወይ (206) 233-2534 ንሓገዝ ብእንግሊዝኛ ወይ ብኣብ ታሕቲ ዘይተጠቕሱ ቋንቋታት።

ንሓገዝ ኣብዞም ዝስዕቡ ቋንቋታት፡ ንመሻርኽትና ዝኾኑ ECOSS (ኣከባብያዊ ልፍንቲ ደቡብ ሲያትል) ርኸቦም ኣብ dhan@ecoss.org ወይ (206) 767-0432። SPU ይምውሎ ንECOSS ብቋንቋኻ ዝወሃብ ምኽሪ ፕሮጀክት ንኣመልከተቲ ሓገዝ ንክቕርብ።

- ኣምሓርኛ
- ካንቶኒኛ
- ቋንቋ ኮርያ
- ማንዳሪን
- ቋንቋ ሶማል
- እስጳንኛ
- ትግርኛ
- ቋንቋ ቬትናም